**DEPARTEMENT BILDUNG, KULTUR UND SPORT**

Abteilung Volksschule

Tigrinisch

2026

**መሓበሪ ሰነድ**

**ሓበሬታ ንካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲን Mittelschulen ፣ ሞያ ናይ ሞያ ብስለት Berufsfachschulen mit Berufsmaturität ዝህባ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2026/27**

---

## 1. ምቕባል ተመሃሮ ዘባን (Bezirksschule) ካልኣይ ደረጃ ቤት ትህርትን (Sekundarschule) ብምኽንያት ነጥብታት ተመኩሮ

ምቅጻል ተመሃሮ ዘባን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን ፣ ተመሃሮ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዘመዝገብዎ ነጥቢ፣ ምስክር ወረቐት ምቕጻል ናብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲWirtschaftsmittelschule WMS፣ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኮምፒተር Informatikmittelschule IMS፣ ካልኣይ ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲ Fachmittelschule FMS ከምኡውን ትምህርቲ ሞያን ሞያዊ ብስለትን Berufsfachschulen mit Berufsmaturität BMS ይምርኮስ።

ተመሃሮ ዘባ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዘመዝገብዎ ነጥቢ ናብ መዳለዊ ላዕላወይ Gymnasium ደረጃ ትምህርቲ ክቕጽሉ ይሕግዞም።

ዝቚጸሩ መምዘኒ ዓውደ ትምህርትታት ንተመሃሮ ዘባን ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን ሓደ እዩ።

ኣብቶም ማእኸላውያን ቤት-ትምህርትታት (Gymnasium, WMS, IMS, FMS) ብልምዲ ጥራይ ትሕቲ 18 ዕድመ ዝገበሩ ተመሃሮ ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም።

## 2. መገምገምን ቅቡል ናይ ምእታው ፍቓድን

ኣብ ምውዳእ ቀዳማይ ሰመስተር ናይ 3ይ ዓመተ ትምህርቲ ናይ ዘባ ወይ ሰኩንዳር/ካልኣይ ቤት-ትምህርቲ ኣድለይቲ መስፈርትታት ዘማልኡ ተመሃሮ(3 ን 4 ርኤ) ግዝያዊ ናብ ጅምናዝዩም (Gymnasium) ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኮምፒተርን ካልኣይን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲን ይምዝገቡ። እዚ ማለት ኣብ መወዳእታ ማእከላይ ቤት-ትምህርቲ ናይታ መወድእታ ዓመት ፈተና ክሓልፉ ኣሎዎም።

ኣብ መወዳእታ ካልኣይ ሰሚስተር ናይታ መወዳእታ 3ይ ዓመተ ትምህርቲ ናይ ዘባ ወይ ሰኩንዳር ደረጃ ኩሉ ኣድላዪ ዘበለ መስፈረ ዘማልኡ ተማሃሮ(ምስክር ወረቐት ዘሎዎም)ኣብ ጅምናዝዩም (Gymnasium) ኣብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኮምፒተርን ላዕለዋይን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲን ይምዝገቡ።

ኣብ ሞያን ሞያዊ ብስለትን ዝምዝገቡ ተመሃሮ ኣብ ምውዳእ ቀዳማይ ሰመስተር ኮነ ኣብ ምውዳእ ካልኣይ ሰሚስተር ናይታ መወዳእታ ዓመት መእተዊ መስፈሪታት ዘማልኡ ቅቡላት ይኾኑ።

### 3. መእተዊ ቅጥዕታት ተመሃሮ ዞባ ናብ ጅምናዝዩም (Gymnasium) ፣ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ  ትምህርቲ ኮምፒተር፣ ላዕለዋይን ማእከላይን  ዓውደ ትምህርትን ትምህርቲ ሞያን ሞያዊ ብስለትን።

ናብ ጅምናዝዩም ብዘይ ፈተና ዝእትዉ ተመሃሮ ኣብ 3ይ ክፍሊ ዞባዊ ቤት ትምህርቶም እዞም ዝስዕቡ መኦቀኒታት ከማልኡ ኣሎዎም።

- ዓመታዊ ውጽኢት ወይ ኣብ ምስክር ወረቐት ፣ ኣብ ቋንቋ ጀርመንን ቁጽርን ብውሑዱ 4,0 ነጥቢ ክህልዎም ኣሎዎ።
- ዓመታዊ ውጽኢት ወይ ኣብ ምስክር ወረቐት ብውሕዱ  4,7 ብምቅማር ዝርዝር 1 (ነጥቢ 5 ረአ) ክህልዎም ኣሎዎ።

ናብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ  ትምህርቲ ኮምፒተር፣ ማእከላይን ካልኣይን ዓውደ ትምህርትን ትምህርቲ ሞያን ሞያዊ ብስለትን ብዘይ ፈተና ዝእትዉ ተመሃሮ ኣብ 3ይ ዓመተ ትምህርቲ ዞባዊ ቤት ትምህርቶም እዞም ዝስዕቡ መስፈርትታት ከማልኡ ኣሎዎም።

- ዓመታዊ ውጽኢት ወይ ኣብ ምስክር ወረቐት፣ ኣብ ቋንቋ ጀርመንን ቁጽርን ብውሑዱ 4,0 ነጥቢ ክህሉ ኣሎዎ።
- ዓመታዊ ውጽኢት ወይ ኣብ ምስክር ወረቐት ብምቅማር ዝርዝር 1 (ነጥቢ 5 ረአ) ብውሕዱ 4,4 ክህሉ ኣሎዎ።

### 4. መእተዊ ቅጥዕታት ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኮምፒተር፣ ላዕለዋይን ማእከላይን ደረጃ ትምህርትን ትምህርቲ ሞያን ሞያዊ ብስለትን።

ናብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ  ትምህርቲ ኮምፒተር፣ ላዕለዋይን ማእከላይን ደረጃ ትምህርትን ትምህርቲ ሞያን ሞያዊ ብስለትን ብዘይ ፈተና ዝእትዉ ተመሃሮ፣ ኣብ 3ይ ዓመተ ትምህርቲ ዞባዊ ቤት ትምህርቶም እዞ ዝስዕቡ መዕቀኒታት ከማልኡ ኣሎዎም።

- ዓመታዊ ውጽኢት ወይ ኣብ ምስክር ወረቐት ፣ ኣብ ቋንቋ ጀርመንን ቁጽርን ብውሑዱ 4,0 ነጥቢ ክህልዎም ኣሎዎ።
- ዓመታዊ ውጽኢት ወይ ኣብ ምስክር ወረቐት ብምቅማር ብዝርዝር 1 (ነጥቢ 5 ረአ) ብውሕዱ 5,3 ክህልዎም ኣሎዎ።

### 5. ምቅማር ማእከላዊ ገምጋም ነጥብታት

እቲ ማእከላዊ ገምጋም ነጥብታት ከም ዝስዕብ ተቐሚሩ፥

ዝርዝር 1: ምቅማር ማእከላዊ ገምጋም ነጥብታት

<table>
<tr><th>ሳብጀክት</th><th>ክብደት ነጥቢ</th><th>ምልክታታት</th></tr>
<tr><td>ጀርመንኛ</td><td>ድርብ</td><td>ብውሕዱ ነጥቢ 4 ክብጻሕ ኣለዎ።</td></tr>
<tr><td>እንግሊዝኛ</td><td>ንጽል</td><td>-</td></tr>
<tr><td>ፍራንስኛ</td><td>ንጽል</td><td>-</td></tr>
<tr><td>ሕሳብ</td><td>ድርብ</td><td>ብውሕዱ ነጥቢ 4 ክብጻሕ ኣለዎ።</td></tr>
<tr><td>ተፈጥሮን ተክኒክን</td><td>ድርብ</td><td>-</td></tr>
<tr><td>ክፍልታት፣ ግዜታት፣ ሕብረተ-ሰባት</td><td>ድርብ</td><td>-</td></tr>
<tr><td>ፖሊቲካዊ ትምህርቲ</td><td rowspan="3">ንጽል</td><td rowspan="3">ካብቶም ሰለስተ ነጥብታት ካብ ሳብጀክታት "ፖሊቲካዊ ትምህርቲ"፣ "ቍጠባን ስራሕን ገዛን" ከምኡ'ውን "ሚድያን ስነ-ኮምፕዩተርን" ማተማቲካዊ ማእከላይ ገምጋም ክቕመር እዩ ከምኡ'ውን ብሓደ ነጥቢ ዕስረት ክምዝገብ እዩ። እዚ ነጥቢ ንጽል ክብደት ኣለዎ፣ ማለት ሓንሳዕ እዩ ዝቑጸር ነቲ ምቅማር ንምስግጋር ኣገዳሲ ዝኾውን ማእከላይ ገምጋም ነጥብታት።</td></tr>
<tr><td>ቍጠባ፣ ስራሕ፣ ገዛ</td></tr>
<tr><td>ሚድያን ስነ-ኮምፕዩተርን</td></tr>
</table>

<table>
<tr><th>ሳብጀክት</th><th>ክብደት ነጥቢ</th><th>ምልክታታት</th></tr>
<tr><td>ሙዚቃ</td><td rowspan="3">ንጽል</td><td rowspan="3">ካብቶም ሰለስተ ነጥብታት ኣብ ሳብጀክታት "ሙዚቃ"፣ "ምንቅስቓስን ስፖርትን"፣ ከምኡ'ውን ናይ ምርጫ ሳብጀክት "ጥበባዊ ምቅራጽ" ወይ "ናይ ዓለባን ሃንደሳን ምቅራጽ" ማተማቲካዊ ማእከላይ ገምጋም ክቕመር እዩ ከምኡ'ውን ብሓደ ነጥቢ ዕስሪት ክምዝገብ እዩ። እዚ ነጥቢ ንጽል ክብደት ኣለዎ፣ ማለት ሓንሳዕ እዩ ዝቝጸር ነቲ ምቅማር ንምስግጋር ኣገዳሲ ዝኾውን ማእከላይ ገምጋም ነጥብታት።<br><br>እቲ/እታ ተመሃራይ ኣብቲ ናይ ምርጫ ሳብጀክት "ፕሮጀክታትን ምምርማርን" እንተ ተሳቲፎም፣ ካብቶም ክልተ ነጥብታት ኣብ ሳብጀክታት "ሙዚቃ" ከምኡ'ውን "ምንቅስቓስን ስፖርትን" ማተማቲካዊ ማእከላይ ገምጋም ክቕመር እዩ ከምኡ'ውን ብሓደ ነጥቢ ዕስሪት ክምዝገብ እዩ። እዚ ነጥቢ ንጽል ክብደት ኣለዎ፣ ማለት ሓንሳዕ እዩ ዝቝጸር ነቲ ምቅማር ንምስግጋር ኣገዳሲ ዝኾውን ማእከላይ ገምጋም ነጥብታት።</td></tr>
<tr><td>ምንቅስቓስን ስፖርትን</td></tr>
<tr><td>ግድነታዊ ትመርጾ ሳብጀክት</td></tr>
</table>

## 6. ኣማራጺ ጥርዓን

ኣብቲ ንምስግጋር ኣገዳሲ ዝኾነ ማእከላይ ገምጋም ምስ ውሳነ እዩ ተኣሳሲሩ፣ እዚ ውሳነ ድማ በቲ ዘባዊ ወይ ሰኩንዳር/ካልኣይ ቤት-ትምህርቲ ክግበር እዩ። ስለዚ እቲ መንገዲ/ኣማራጺ ጥርዓን ልክዕ ከምቶም ካልኦት ውሳነታት ኣብ ውሽጢ'ቲ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ እዩ፥ ኣብ መንጎ ወለድን እታ/እቲ ተመሃርይን መምህርን ስምምዕ ክብጻሕ እንተ ዘይከኣል ኮይኑ፣ እቲ ንውሳነ ዝምልከት ቦታ ከተማ[1] ድሕሪ ምፍቓድ ሕጋዊ ስምዓት፣ ወግዓውን ንጥርዓን ብቑዕ ዝኾነን ውሳነ ክውስን ኣለዎ።

## 7. ቅባለ ብመቐበሊ መርመራ

እቲ ናይ ቅባለ ፈተና ንነጻ መርመራ እኹል ነጥቢ ዘይብሎም ተመሃሮ ክፉት እዩ። ንቅባለ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ  ትምህርቲ ኮምፒተር፣ ላዕለዋይን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቲ ከምኡ ድማ ቤት-ትምህርቲ ሞያ እቶም ተመረቕቲ ናይ ዘባውን ካልኣይን ቤት-ትምህርቲ ክኣትዉ ይፍቐደሎም። እቲ መእተዊ ፈተና ኣብ ጊምናዝዩም ንተመረቕቲ ዘባዊ ትምህርቲ እዩ ዝምልከት። መእተዊ ፈተና ነዞም ዝስዕቡ ተመሃሮ ክፉት እዩ፣ ካብ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመጹ ተማህሮ፣ ወይ ብካልእ ዝኾነ ናይ ግሊ ትምህርቲ ዝመጹ ተማህሮ።

እቲ መቐበሊ መርመራ ኣብቲ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ (Gymnasium/ጊምናዝዩም)፣ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ንግዲ፣ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኮምፒተር፣ ላዕለዋይን ማእከላይን ዓውደ ትምህርትን ጥራይ ኣብቲ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት መፈጸምታ ሰኩንዳርን ዘባውን ቤት-ትምህርቲ ክግበር ይከኣል። እቲ መቐበሊ መርመራ ኣብ ትምህርቲ ሞያን ሞያዊ ብስለትን ኣብ መወዳእታ ዓመት ክግበር ይከኣል። ካብ ናይ ብሕቲ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ናይ ብሕቲ መደባት ስልጠና ዝመጹ ተማሃሮ እውን ኣብ ናይ መወዳእታ ዓመት መእተዊ ፈተና ክወስዱ ይኽእሉ።

ናይ BMS መእተዊ ፈተና ብቋንቋ ጀርመን፣ ፈረንሳይ፣ እንግሊዝኛን ሒሳብን ብጽሑፍ ዝግበር ፈተናታት ዝሓዘ እዩ።

መእተዊ ፈተናታት ጂምናዝየም ከምኡውን WMSን IMSን FMSን ብጽሑፍ ፈተናታት ጀርመንን ሒሳብን ዝቖመ እዩ።

[1] ሓፈሻዊ ሓላፍነት እቲ ቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ኣለዎ። ከም ናይ ስራሕ ውሳነ ዝኣመሰለ ናይ ደረጃ ውሳነታት ቤት ትምህርቲ ብቤት ምኽሪ ምምሕዳር ከተማ ንኣባል ባይቶ ምምሕዳር ከተማ ወይ ንኣመሓዳሪ ቤት ትምህርቲ ክምደበሎም ይከኣል እዩ። ነፍሲ ወከፍ ምምሕዳር ከተማ ኣብቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽኡቕ ውሳነታት ናይ ምግባር ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል እተወሰነ መምርሒታት ኢዩ ዝገልጾ።

## 8. ምዝገባ

ኣብ መዛዘሚ ክፍልታት ዞባውን ሰኩንዳር ቤት-ትምህርቲ ዘለው ተመሃሮ ብስምምዕ ወለዲ ካብ ማእከል ጥሪ ክሳብ 28 ለካቲት ብመዝገቢ መርበብ ጨንፈር ትምህርትን ባህልን ስፖርትን (www.ag.ch/mittelschulen > ዓይነት ትምህርቲ(Schultyp) > ምዝገባ(Anmeldung)) ኣብቲ ዝተደለየ ማእከላይ ቤት-ትምህርቲ ክምዝግቡ ይኽእሉ።

## 9. ተወሳኺ ሓበሬታ

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.ag.ch/leistungsbeurteilung-volksschule > መሰጋገሪ ኣገባብ(Übertrittsverfahren) ክርከብ ይከኣል።